07.03.2019

# 8 መጋቢት
# ዳግማይ ምረሻ፡ መኸተ ንክድዓት

ዝኽርን ክብርን ኤርትራዊት በዓልቲ ቅያ
ዝሰርሐት ተኣምር፡ንናጽነት ተወፍያ
ግፍዒ ጸላኢ መኪታ
ዛጊት ከይረኸበት ሩፍታ ።
ዘንጸላልዋ ዘሎ ክድዓት
ዳግማይ ደግሲ ደልሃመት ።

ዝኽርን ክብርን ኤርትራዊት በዓልቲ ሞያ
ኩለንትናኺ ዘበርከትኪ ብዘይ መሃያ
ዝተቓለስክሉ ክብርዞ ብዘይ ንሕስያ ።

መብጽዓኺ ተጠሊሙ ኳንኪ ግዳይ
ኪዳንኪ ተጨውዩ፡ ተበቲኖም ስድራ ፈቖዶ ቀላይ ።

ኣበደን ንምልኪ ንተምበርከኽቲ ኣብ ጽሞና
መብጽዓና ነሐድስ፡ ነውሕስ ልዑላዊነትና ።

ኣብ ዝኽሪ 8 መጋቢት ዳግም ንበገስ
መስዋእቲ ሰማእታትና ኪድበስ ።

ኣልጋነሽ ተወልደ